# <u>ንግዱሳት ተጋሩ/ኢትዮጵያዉያን ኣሕዋትና፡ ወገናትና  ናይ ምሕጋዝ ፃዊዒት</u>

ዝከብርኩም ተጋሩ ኣሕዋትና ቅድሚ 1ት ዓመት ኣብ ኣዉሮፓ ናይ ላዕላዋይ ትምህርቶም ዝከታተሉ ግዱሳት ተጋሩ ብዝወሰድዎ ወገን ናይ ምሕጋዝ ተበግሶ ኣብ እዋን ዕርፍቶም ንሓደ ወርሒ ዝኣክል ንናይ ሃፀይ ዮሃንስ ናይ 12 + ክፍሊ ሃገራዊ ፈተና ተፈተንቲ ተምሃሮ ናይ ነፃ ት/ቲ ፡ ኩለ-መደያዊ ናይ ምክሪ ኣገልግሎት ፡ ትምህርታዊ ዑደት እና ናይ ምክክር መድርኽ ምሃቦም ይፍለጥ፡፡ ዝርዝር ናይቲ  ዘተገበረ ክረምታዊ  ወፍሪ ከም ዝስዕብ ይግለፅ ፤

1. ንሓደ ወርሒ (ካብ ሓምለ 26 ጀሚሩ እስካብ መወዳእታ ነሓሰ) ብ chemistry, Physics እና mathematics  ኣዕጋባይ እና ብዝተሳከዐ መልክዑ  ናይ ነፃ ት/ቲ ተዋሂቡ፡፡
2. ኣብ መወዳእታ ወርሒ ነሓሰ ናብ ተከዘ ሃይድሮ ኤሌክትሪክ ፓወርን ናብ ናይ መቐለ ዩኒቨርስቲ ናይ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ላቦራቶሪታት ናይ ት/ቲ ዑደት ገይሮም፡፡ኣብ መጨረሻ ናይቲ ዑደት እዉን ብዶ/ር ኪንደያ ገ/ሂዎት (ም/ፕረዚደንት) እና ዶ/ር ኣለም መብራሁቱ ( ዲን ናይ ተፈጥሮ ሳይንስ) ዝተዉሃበ ምክርን መግለፅን  ብመቀለ ዩኒብርስቲ ዝተገበረ ናይ ምሳሕ ግብጃን ነቶም ተምሃሮ ካብ መጠን ንላዕሊ ዛሓጎሰን ዛተባበዐን ነይሩ፤፤
3. ነቲ  ወፈሪ ኣብ መጨረሻ ምስቶም ተምሃሮ  ብዝተገበረ ናይ panel discussion ተዛዚሙ፡፡ ኣብዚ ናይ ምይይጥ መድረኽ እቶም ተምሃሮ እቲ ወፍሪ ብጣዕሚ ከም ዝሓገዞምን ንቀጻሊ እዉን ብዝተጣናከረ መልክዕ ክቅፅል ከም ዘለዎ ተላቢዎም፡፡

ክቡራት ተጋሩ ኣሕዋትና ነቲ ናይ ዞም ናይ ፅባሕ ዓዲ ተረክብቲ ዝኮኑ ወገናትና ዝሃቡና ናይ መተባብዒ ዉክሳን ብዝረኣናዮ ብጣዕሚ ዘተባብዕ ዉፅእትን ሕዚ እዉን ብዝተጠናከረ መልክዑ ክንቅፅለሉ ካብ ብሕዚኡ ኣብ ምንቅስቃስ ንርከብ፡፡

ስለዚ ግዱሳት ተጋሩ ኣሕዋተና ሕዚ እዉን ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ፕሮገራም ብዝበለፀ መልክዑ እጣናኪርና ነቶም ናይ ፅባሕ ዓዲ ተረከብቲ ዝኮኑ ተምሃሮ ተጋሩ ኣሕዋትና ንምሕጋዝ  ኣብ ምንቅስቃስ ስለ ዘለና ነዚ ዝትድግፉ ፤ ኣብቲ ፕሮግራም ከም መተሓባበርቲ ፡ ት/ቲ ኣብ ምሃብ ፤ ኮንፈረንስ ኣብ ምዝግጃይ ወ›ዘ›ተ ክትሳተፉ ዝትደልዩ ኣሕዋትና ካብሕዚ ጀሚርና ቅድም-ዝግጅት ንክንገብር በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ዘለኩም ተሳትፎኩም ክተፍሉጡናን ሪኢቶኩም እና ምክሪኩም እዉን ክትልግሱልናን ብኣክብሮት ንዉከሰኩም፡፡

***Send your participations, suggestions and advices to:*** *wefri_tegaru@yahoo.com*

***Programme for Summer Teaching:*** **Natural sciences** *(chemistry, mathes, physics, biology and* **social sciences** *(history, geography, economics, civics etc)*

***Additional programmes:*** *conferences, educational trips, panel discussions, advising services etc*

- ሕዲሪ ሰዋእትና ናብ ሽትኡ ንምብፃሕ ኢድ-ን-ኢድ ተታሓሒዝና ንለዓል
- ዓርሰ-እምነት ዘለዎም ሙሁራትን ናይ ፅባሕ ዓዲ ተረከብቲ ወለዶን ንምዝግጃዉ ንፅባሕ ከይበልና ሎሚ ሆ ኢልና ንለዓል፡፡

*Ad-Hock coorinators of the programme*   *<u>25/11/2011</u>*